# ሰንበት ዘፀአተ ክረምት

**መስከረም 25 2018 ዓ.ም. (10/5/2025).**

**አብ ግራት ኣምላኽ ክነፍሪ ሰብ ሕድሪ ኢና!**

መዝ.ትብሎ መርዓት ለመርዓዊሃ ወልድ እኁየ ነዓ ኃቤየ ወሪደ ኢታኀንዲ መርዓት ንመርዓዊኣ ኦ ሓወይ ናባይ ንዓ ኣብ ምውራድ ኣይትደንጒ፥ኣብየት ዓዲ ወይኒ መስቀል ዓምበበ ምስ ጴጥሮስ ዓዋዲ ጳውሎስ ኣሳዳዲ፥ማርያም ናይ ብዓል መስቀል ክትገብር እንከላ፥ ኣብየት መስቀል ናይ ዓዲ ወይኒ ዓንበበ።

ንባባት፡ ፊሊጲ. 4፡6-9፥ ፩ጴጥ 2፡1-12፥ ግ.ሓ. 4፡19-31፥ ማር 12፡1-12።

ምስባክ፡ወአጽንእ ለዝንቱ ዘሰራዕከ ለነ ውስተ ጽርሕከ ዘኢየሩሳሌም፥ለከ ያመጽኡ ነገሥት አምኃ።ነቲ ንኣና ዘድኃንካሉ ኃይልኻ ግለጾ፥ እቲ ኣብ ኢየሩሳሌም ዘሎ ቤት መቕደስካ ነገሥታት ውህበት ኬምጽኡልካ እዮም መዝ. 68፡28-29።

24 መስከረም ኣብ ሶምን መስቀል ሰንበት እንተ ወዓለ መስቀልከ እግዚኦ ተሰብሓ ዝብል መዝሙር ይዝመር። እዚ ሶምን እዚ ፀአተ ክረምት ይብሃል ክረምቲ ተውዲኡ ቀውዒ ወይ ዘመነ ጽጌ ዝጅምረሉ እውን እዩ። እዋን ቀውዒ እዋን ምህርቲ ዝሕፈሶ ፍሉይ እዋን እዩ፥ ነዚ ምስ መንፈሳዊ ሕይወትና ክንርእዮ ከሎና ኣብ እምነትና ኣፍረይቲ ኮና ክንርከብ ዘዘኻክረና እዩ። ኣብ ኩሉ እሙናት ኮና ክንርከብ ንመገዲ ኣምላኽ ከይንጠልም ከምኡ ነቲ ኣምላኽ ዝሃበና ጸጋታት ከምቲ ኣምላኽ ዝሃበና ከነፍርየሉ ከምዘሎና ክንሓስብ ይግብኣና።

ኣብ ናይ ሎሚ ወንጌል ቀንዲ መልእኽቲ ህዝበ እግዚኣብሔር ከም ድኻታት ሓረስቶት ኣብ ኣታኽልቲ ወይኒ ክሰርሑ ዝተላእኩ እዮም። ነዚ ክነንብብ ከሎና ቅድመና ንዝነበሩ ሰባት ክንፈርድ ኢልና ኣይኮናን። ነዚ ምሳሌ ኣብ ናይ ገዛእ ርእስና ሕይወት ክንርእዮ ክንክእል ምእንቲ እዩ፥ እነንብቦ ዘሎና ኣብ ታሪኽ ስለ ዝተገብረ ኣይ ኮናን ኣብ ናይ ነፍስወከፍና ሕይወትን ጠባያትን ክነስተንትኖ ንማለት እዩ።

ኣብ ኢሳያስ 5፡1-7 ዘሎ እንተ ኣንበብና ተመሳሳላይ ሓሳባት ምስቲ ናይ ወንጌል ንባብ ንረክብ። ኣብ ክልቲኡ እቲ ቦታ ህዝበ እግዚኣብሔር ክርከብዎ ዝግብኦም እዩ። ኣብ መጀመርያ እግዚኣብሔር ንህዝበ እስራኤል ህዝቡ ክኾኑ ሓርይዎም። ኣብ ምድረበዳ ኣብቲ ዘተሰፈዎም ምድረ ተስፋ ጸባን ምዓርን ዝፈሶ ምድሪ ክሳብ ዝበጽሑ ኣሰንይዎም፥ ነታኽልቲ ወይነይሲ ኃለፋ እቲ ኣነ ዝገበርክሉ እንታይ ኮን ምተገብረሉ ነሩ ዘቢብ የፍሪ እዩ ኢለ እናተጸበኽዎስ ስለምንታይ እዩ መጺጽ ፍረ ዘፍረየ (ኢሳ 5፡4) እናበለ ኣምላኽ ይሓትት።

ኣብ ክልቲኡ እቲ ህዝበ እስራኤልን/ እቶም ሰራሕተኛታት ኣብ ወንጌልን ካብቲ ትጽቢት ጎይትኦም ኣዝዮም ርሑቓት እዮም ዝርከቡ። ዘቢብ ክፍሪ እናተጸበኽዎ መጺጽ ዝፈሪ ስለምንታዩ?

ኣብቲ ኢየሱስ ዘቕረቦ ምሳሌ እቲ ዋና ግራት ሰራሕተኛታት ፍሬ ኽምጽኡሉ ሠራሕተኛታት ልኢኹ፥ እንተኾነ ነቶም ዝለኣኾም ንገለ ወቕዕዎም ንገሊኦም ቀተልዎም ንገሊኦም ብእምኒ ቀጥቀጥዎም እዚ ደጋጊሞም ገበርዎ። እዚ በቶም ንኢየሱስ ዝሰምዑ ዝነበሩ ጽቡቕ ገሩ ተረዲእዎም እዩ። ኣምላኽ ነብያቱ ናብ ህዝቡ ከዘኻኽርዎም ክመልስዎም ከምኡ ኣብ ኩሉ ኣገልገልቲ፥ ዘፍሪ ህዝቢ ክኾኑ ይልእኽ ነሩ። እንተ ኾነ ልኡኻት ኣምላኽ ሓደ ድሕሪ ሓደ ዝሰምዖም ኣይረኸቡን። ንልኡኻት ኣምላኽ ዘይምስማዕ ናይ ዘመና ጸገም እውን እዩ።

ኣብ መወዳእታ ንወደይስ የኽብርዎ ይኾኑ ኢሉ ነቲ ሓደ ወዱ ልኢኸሎም እንተ ኾነ ንእኡ እውን እዚ እዩ እቲ ወራሲ ኢሎም ካብቲ ኣታኽልቲ ወይኒ ኣውጺኦም ቀተልዎ። ካብዚ ንድሓር ነቲ

አታኽልቲ ወይኒ ንርእሶም ወሲዶሞ። እዚ ነቲ ቀዳሞት ወለድና አዳምን ሔዋንን ዝገበርዎ የዘኻክር ካብታ ከይበልዕዋ ዝተከልከሉ ተኽሊ ክበልው እንክለዉ ከም አምላኽ ክፈልጡን ክኾኑን ዝገበርዎ ይመሳሰል። ከምኡ እቶም ሰብ ባቢሎን ንአምላኽ ከርክቡ ግምቢ ዝሰርሑ ይመሳሰል። እዚ ካብ ከተማ ወጻኢ ቅትለት እቲ ወዲ ንሞት ኢየሱስ አብ መስቀል ካብ ኢየሩሳሌም ወጻኢ እዩ ዘመልክት።

## አብ አታኽልቲ ጎይታ ጽዉዓት፡

ሎሚ ንሕና ኢና ህዝቢ አምላኽ አብ ግራቱ አብ አታኽልቱ ክንዓዩ ዝተሓረና። አምላኽ ፍረ ክነፍሪ እሞ ነባሪ ፍረ ክንፈሪ ይጽበየና። ሎሚ እቲ ቀንዲ አብ ርእስና ተመሊስና ክንሓቶ ዘሎና ጉዳይ፥ ከመሎና? ክሳብ ክንደይ ካብቶም ሊቃነ ካህናትን ጸሓፍትን ዝበለጽና ኢና? ፍሉይ ግንያት ዝተገብረልና ኢና ጸጋ ጥምቀት ዝተቐበልና አብ አታኽልቲ ጎይታና ክንዓዪ ዝተዓደምና ምኧና ፍሉይ ህያብ እዩ። አብ ነፍስወከፍ ሰንበት ብሓንሳብ ተአኪብና ቃል ወንጌል ሰሚዕና እናአስተንተና ምስ ርእስና ነወሃሃዶ። አባላት ሰውነት ክርስቶስ ምሉእ ሱታፌ ዘሎና ማሕበር ክርስትያን ክንከውን ዝተሓረና ኢና። እሞ ከመሎና?

## ብዙሓት ሰማዕታት፡

ጸዋዕታና ከመይ ንርእዮ? ከም ግንያት ከም በረኸት ወይስ ከም ዘጸግም ተጽዕኖ ንርእዮ? ንመልእኽቲ አምላኽ ከመይ ተቐቢልናዮ ንርከብ?

አብ ዘመናት ክንደይ ነብያት ቤተ ክርስትያን ተነጺጎም ተገፊዖም ከምኡ እውን ተቐቲሎም? ከም ብዓል አቡነ ኦስካር ሮሜሮ፥ ማርቲን ሉተር ኪንግ፥ ብፁእ ገብረሚካኤል ማእለያ ዘይብሎም አብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ዓለም ምእንቲ መንግስቲ አምላኽ ተቐቲሎም። እዚኦም ኩሎም ሓንቲ ሓባራዊት ነገር አላቶም። መብዝሕትኦም ቀተልቶም ክርስትያን አብ አታኽልቲ ጎይታ ዝዓዩ እዮም እምበር አረመን አይነበሩን። ምናልባት ነዚ ምሳሌ ኢየሱስ ክነንብብ እንከሎና ንርእስና ዝሓሽና ገርና ንወስዳ ኢና እንተ ኾነ ካብኦም አይንፍለን ኢና። አብ ኢሳያስ 5፡7 ዘሎ ዝረአናዮ ሓቂ እዩ ጽቡቕ ክገብሩ ተጸበዮም አብ ክንድኡ ግና ደም ከዓዉ፥ ቅኑዕ ኪገብሩ ተጸበዮም ንሳቶም ግና ነቲ ሕዝቢ ፍትሒ ደልዩ ኸም ዜእዊ ገበርዎ ይብል፥ ነዚ አብ ግብሪ ክንርእዮ አብ ካልእ ዓለም ክንከይድ አየድልየናን እዩ አብ ቀረባና አብ ህዝብና አብ ከባቢና ንርእዮ ዘሎና እዩ።

## እንታይ ዓይነት ፍረ እዩ ካባና ዝድለ ዘሎ?

ምናልባት ንርእስና አባላት ናይ እዚ አታኽልቲ አምላኽ ምኧና ሓሲብና አይንፈልጥን ንኸውን፥ ንሕና ከም ቊምስና ከም ቤተ ክርስትያን እንታይ ዓይነት ፍረ ኢና እንፈሪ ዘሎና? ጥዑም ምቊር ደስ ዘብል ፍረዶ ወይስ መጺጽ ዓንደል ዝጥዕም ኢና እንፈሪ ዘሎና። ማሕበርና ቊምስናና ብሓቂዶ ህላዌ ክርስቶስ ከምዘልአ እተንጸባርቕ ማሕበር ኢና ወይስ ብቀለዓለም እንነብር ኢና? አብ ልዕሊ ሰባት ደቂ ሃገርና እንታይ ዓይነት ጽልዋ ኢና እነሕድር? አባና ዝርአ እንታይ እዩ ፍቕሪዶ ወይስ ጽልእን ቅርሕንትን ሰባት አባና እንታይ ይርእዩ?

ከም ቃል ጳውሎስ ንሰብ ፍሊጲስዩስ ዝበሎዶ ንነብር አሎና፡ ብዝተረፈ አሕዋተይ ሓቂ ዘበለ ርዝነት ዘለዎ ኹሉ፥ ቅኑዕ ዘበለ ንጹሕ ዘበለ፥ ተፈታዊ ዘበለ፥ ሠናይ ዜና ዘለዎ ኹሉ ብሉጽ ወይ ምስጉን ነገር እንተ አልዩ ብዛዕባዚ ነገርዚ ሕሰቡ (ፊሊጵ 4፡8)። ቀጺሉ ነቲ ኻባይ ዝተመሃርክምዎን ዝተቐበልክምዎን ዝሰማዕክምዎን አባይውን ዝርአኽምዎን ነገር ኵሉ ግበርዎ አምላኽ ሰላም ከአ ምሳኻትኩም ኪኸውን እዩ (ፊሊጵ 4፡9)። እዘን ቃላት ጳውሎስ ንነፍስወከፍና ሕልናዊ ሕቶ ዘቕርባ ዘተሓሳስባ እየን። ግን ጳውሎስ ከም ዝብለና ክነብሮ እንተ ጀመርና አምላኽ ሰላም ከአ ምሳኻትኩም ኪኸውን እዩ ይብለና።

## ቊምስናዊ አታክልቲ ወይኒ (ግራት)፡

ቍምስናና ኣታክልቲ ወይንና እያ። ክተፍርዮ ዝግብእ መጺጽ ዘለላ ክብላዕ ዘይክእል ኣይኮነን። ነቲ ኣምላኽ ብዝተፈላለየ መገዲ ዝዛረቦ ክትሰምዕ ክፍቲ ክትከውን ይግባእ፥ መራሕቲ ቤተ ክርስትያን ይኹኑ ወይ እውን ነብያዊ ድምጺ ዘስምዑ ንኽትሰምዖ ጽንኩርን ዘሕምምን ይኹን ኩሉ ጊዜ ክፍቲ ክትከውን ይግባእ።

ኣብ ቍምስና ኩሉ ጊዜ ሓደ ፈተና ኣሎ ንሱኸአ ከም ናይ ጸጥታ ሰራሕተኛ ምዃን ማለት ነቶም ብእዋኑ ኣብ ኩሉ ሕብረተሰብ ዝመጹ ብድሆታት ናይ ዘመና ክትገጥሞም ዘይምድላይ። ገለ ጸገም ምስ መጸ ኣብ ዝሓለፈ ኣረጊት ባህልን ሕግን ስርዓትን ጸኒዕካ ክትቅይር ዘይምድላይ። ገለ ሰባት ለውጢ ወይ ተሓድሶ ከምጽኡ እንከለዉ ደጋጊምካ ምንጻጎምን ምስጓጎምን። ከምዚ ዓይነት እትኽተል ቍምስና ናይ ገዛ ርእሳ ሊቃነ ካህናትን ዓበይቲ ዓድን ተፍሪ (እዚኦም ግድነት ካህናት ወይ ኣቡናት ጥራሕ ማለት ኣይኮነን ካብ ምእመናን እውን ክኾኑ ይክእል እዩ) ሽዑ እተፍርዮ ዘለላ መጺጽን ክትበልዖ ዘይክእልን ይኸውን። እቶም ብሩህ መጻኢ ዘለዎም ይዕገቱ እሞ ቍምስና ናይ ኣረገውትን ኣኽረርትን ጥራሕ ትኸውን እዚ ኣብ ሙማት ቍምስና ከብጽሕ ይኽእል።

ኣብዚ ዘሎናዮ እዋን ንድምጺ ኣምላኽ በቶም ልኡኻቱ ክሰደልና እንከሎ ልክዕ ከምቶም መራሕቲ ኣይሁድ ኣብ ጊዜ ኢየሱስ ዝነበሩ ንቃል ኣምላኽ ከለልዩ ዘይከኣሉ ንእና እውን ካብ ምስማዕ ዝኽልክለና ብዙሕ ነገራት ክንርኢ ቀሊል እዩ። Cardinal Newman ዝተባህሉ ቅድሚ 100 ዓመት ኣቢሉ ነዚ ብጽቡቕ ይገልጽዎ ምንባር ማለት ምልዋጥ ማለት እዩ፥ ፍጹም (ምሉእ) ምዃን ማለት ከኣ ደጋጊምካ ዝቐየርካ እንተ ኾንካ እዩ ይብሉ። ኣታኽልቲ ቍምስናና ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ዘየፍሪ እንተሎ ብርግጽ ገለ ጸገም ኣሎ ማለት እዩ፥ ንሕና እውን ንፉዓት እሙናት ዓየይቲ ኮና የለናን ማለት እዩ። ኣብ ገለ እዋን ኣምላኽ ነቲ ተልእኮ ካባና ወሲዱ ንኻልኦት ክህቦ ይኽእል እዩ።

ቍምስናና እንተ ተዓጺ ወይ እውን ፋሕ እንተ በልና መንዩ ዝጉዳእ? ከምቲ ዝግብኣና ክንዕንብብ ክንፈሪ እንተ ዘይከኣልና መንዩ ዝውቀስ መንዩኸ ካብቲ ክፉእ ውጽኢት ዝረብሕ? ኣብዚ ብሓቂ ሕልናዊ ሓላፍነት ክንለብስ ኣሎና። ኣብ ናይ ግላዊ ሕይወትና ነገራት ጥራሕ ኣተኲርና እንጉዓዝ እንተ ኾና ንቤት ኣምላኽ ንቀትል ኣሎና። ካብ ገዛእ ስምዒታትና ወጺእና ንኣምላኽን ንኣናን ዘሓጉስ ፍረ ክንፈር ፍቓደኛታት ንኹን። ቤት ኣምላኽ ብሓደ ወይ ብኽልተ ኣይኮነትን እትዕየ ናይ ነፍሲወከፍና እንጻወቶ ተራ የድሊ። ናይ ማዕዶ ምእመን ወይ ኣብ ጥምቀት ኣብ ቃል ኪዳን ወይ እውን ኣብ ቀብሪ ጥራሕ እንተ ኾና እንደልያ ቤተ ክርስትያና ጌና ትምህርቲ ወንጌል ኣይተሰቕረናን ኣሎ ማለት እዩ። ቤትና ሰላም ፍቕሪ ሕውነት ክነግሶ ናይ ኩልና ኢድ የድልዮ።

ኣምላኽ ዝብለና ጽን ኢልና እናሰማዕና ኣብ ኣታኽልቲ ኣምላኽ ክንወፍር ፍቓደኛታት ንኹን። ፍቕሪ ለውሃት ትሕትና ለቢስና ጉዕዞ ሕይወትና ክንመርሕ ንጽዓር ኣምላኽ ከኣ ብጸግኡ ይሓግዘና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ